# እንቛዕ ወላደኩም ምርኣይ ኣብቓዓኩም

**Tillykke med jeres barn**



**TIGRINYA**

www.sundhedstjenesten-egedal.dk

## እንቛዕ ብድሓን ናብ ኣገልግሎት መእለይ ጥዕና ኢደል መጻእኩም።

ህጻን ካብ ዝተወለደ ዕለት ስጋብ ናይ 8½ ሸሞንተ ወርሒን ፈረቓን

ዕድመ፡ ናብ ገዛ ብምጻሕ ናይ ኣላይ ጥዕና ንስድራ ዝወሃብ

ኣገልግሎት ዕድል ኣለና ።

እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ብድሌትካ ኮይኑ ነጻ ውን ኢዩ ።

ናይ ኣላይ ጥዕና ኣገልግሎት ምኽርን ማዕዳን ፡ ብዛዕባ ወላድኩም

ከምእውን ንመሉእ ስድራቤት፡ ኩነታት ጥዕናን መናባብሮ ናብ

ገዛ ብምምጻእ ምኽሪ ይወሃብ።

## ምብጻሓት

ምብጻሕ ገዛ ብኸምዚ ዝስዕብ ግዜን ኣገባብን ምብጻሕ የካይድ ።

1ይ ምብጻሕ፡ 7 መዓልቲ ድሕሪ ሕርሲ ናብ ገዛ ምብጻሕ የካይድ።

2ይ ምብጻሕ፡ 1 – 2 ሰሙን ድሕሪ ናይ ቀዳማይ ምብጻሕ።

3ይ ምብጻሕ፡ እቲ ህጻን ኣብ መበል 7 ስጋብ 9 ሰሙን ዘሎ ዕድመ ናይ ገዛ ምጻሕ ይካየድ።

4ይ ምብጻሕ፡ እቲ ህጻን ኣብ መበል 4 ወርሒ ወይ 4½ ወርሒ ፈረቓን ናይ ገዛ ምጻሕ ይካየድ።

5ይ ምብጻሕ፡ እቲ ህጻን ኣብ ከባቢ 8½ ሸሞንተ ወርሕን ፈረቓን ዕድመ ምስኮነ ገዛ ምጻሕ ይካየድ።

ሕቶታት ወይ ጽቡቕ ሓሳባት እንተደኣ ሃልዩም ኣብ ናይ ምብጻሕ ዘሎ ግዜ

ክንመያየ ጠሎም መታን ተቀሪቦም ክጸንሑ ጽቡቕ ምኾነ ፣

ተወሳኺ ናይ ምብጻሕ ምስ ዘድሊ ፡ ኣገዳስነቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ፡ ብበዓል ሞያ ኣላይ ጥዕና ( ነርስ ) ክግምገም ይካኣል። ብኡመጠን ከኣ ቆጸራ

ክግበር ይከኣል፣

ድሕሪ ናይ መወዳእታ ምብጻሕ ፡ እቲ ህጻን ስጋብ 16 ዓመት ዕድመ ክሳብ ዝገብር፡ ርክብኩም ምስቲ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ቀጻሊ እዩ። ኣገዳሲ ምስ ዝኸውን ከኣ ብ ስልኪ 72 59 67 20 ክትራኸቡ ትኽእሉ።፣



## ኣብ ግዜ ሕማም

ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ዝህብ በዓል ሞያ፡ ኣብ ብዙሕ ገዛ ስለ

ት/ዝበጽሕ፡ ኣብ ግዜ ሕማምኩም፡ ምእንቲ ሕማማት ከይማሓላለፍ ፡

ቴሌፍን ብምድዋል ፡ ቆጸራ ከተቀይርዎ ንላወብ።

## ተወሳኺ ርክብ / ምኽርታት

ምስ /ናትኩም ኣላይ ጥዕና ወይ ኣማኻሪ ፡ ብተሌፎን ወይ ብ ኢ-መይል

ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ምብጻሕ ፡ እተዋህበ ርክብ ሓበሬታ ተዓዚብ ሰራሕተኛ ምሕደራ/ምምሕዳር ኣገልግሎት ጥዕና ፡

ብ/በዚ ዝስዕብ መዓልታት ፡ ብቴሌፎን 72 59 67 20 ወይ ኢ-መይል

sundhedstjenesten@egekom.dk ክርከቡ ይካኣል እዩ ።

ሓላፊ/ት ናይ ኣላይ ጥዕና ብዝስዕብ ቴሌፎን 72 59 67 34 ወይ

ኢ-መይል nina.rasch@egekom.dk ክርከብ ይካኣል እዩ ።

ምስ በዓል ሞያ /ቲ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምእላይ ጥዕና፡ ናይ ሓባር

ስራሕ ክትግበር እድሕር/እንተዘይ ዘይተኻእለ፡ ናብ ሓላፊት ብምድዋል ክትራኸቡ ትክእሉ ኢኹም።

## ድሕሪ ሕርሲ ዝመጽእ ናይ ኣካላት ለውጢ(ግብረ መልሲ)

ውላድኩም ከባቢ ሸውዓተ ክሳብ ትሽዓተ(7-9) ሰሙን ዕድመ ክህልዎ እንከሎ: ናይ ወላዲት ድሕሪ ሕርሲ ዝመጽእ ግብረ መልሲ ንምፍላጥ ራዲ ትገብር። ወጽኢት መርመራ ምስ በዓል ሞያ ኣላይ ጥዕና ይዝተዩሉ።

ንእኩባት ኣደታት ከምኣገዳስነቱ ኸኣ ናይ ሓባር ዝርርብ ክግበር ይካኣል፡

ኣቦታት እውን ናይ ዝርርብ ዕድል ይወሃቡ።

## PREP (Prevention and Relationship Enhancement Program)

ምኽልካልን ዝምድና ዝሓዘለ ኣስተምህሮ ንስድራ

ህጻናት።

ብሓንሳብ ንዝነብሩ ወለዲ ህጻናት ተቀመጥቲ ምምሕዳር ኢደል ፡ ናይ 2 መዓልቲ ኣስተምህሮ ንኽወስዱ ዕድል ክፉት እዩ። እስተምህሮ ብዝተዛነቀ መደብ ተሰሪዑ ፡ ንጽምዲ ምዝርራብን ኣስተምህሮን ዝኣመሰሉ ፡ ብቀንዱ ኸኣ ናይቶም ወለዲ ሓድነት ንምድልዳል ዝዓለመእዩ።

ምዝገባ ብዝስዕብ ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ sundhedstjenesten@egekom.dk ክግበር ይካኣል።








## ምስሊሌላ ፡ በዓል ሞያ ኣላይ ጥዕና ሕጻን

ሓንቲ/ሓደ ኣላይ ጥዕና: ናይ ነርስ ትምህርቲ ዝወሰደ/ት ኣብ ናይ ህጻናት ቦታ ግብራዊ ተመክሮ ዘለዋ/ዎ: ቀጸሊ ፍሉይ ትምህርቲ ናይ ሓደ ዓመትን ፈረቓን (1,5): ብዛዕባ ጥዕናን ምዕባሌን ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ስድራቤትን ዘተኮረ ዝቐሰመ/ት እያ/ዩ

እዛ/ዚ ኣላይ/ት ጥዕና መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ከባቢ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ህጻናትን ተመሃሮ ቆልዑን ዘለዎ እያ/ዩ እትሰርሕ። ኣብ መዋእለ ህጻናት ውን ኣማኻሪ/ት ኮይና/ኑ ት/እሰርሕ እያ/ዩ ።

እዛ/ዚ ኣላይ/ት ጥዕና: ምስ ካልኦት ሰብ ሞያ ከምእኒ ኣለይቲ ኣብ መዋእለ ህጻናት: ናይ ቤት ትምህርቲ መማህራን: ሓካይም: ናይ ስነ ኣእምሮ ሓካይም: ኣማኻሪ ጉዳያት ኣብ ምምሕዳር: ዘረባ ንዝአበዮም ዝሕግዛ/ዙ መማህራን: ናይ ምንቅስቓስ ኣማኸርትን ካልኦት ከምኦም ዝአመሰሉ ሰብ ሞያ ሓቢራ/ሩ ት/ይሰርሕ። እዚ ምስቶም ካልኦት ሞያውያን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ኣገባብ: ኩሉ ጊዜ ብቐጸራን ምርድዳእን ምስታስድራቤት ይግበር ።

## ኤለክትሮናዊ መዝገብ

ኣላይ ጥዕና ናይ ዘረባ ምዕቃብን ምሕባርን ግዴታ ኣለዎ/ዋ። ከምኡውን ኣብ መዝገብ ናይ ምምዝጋብ ግዴታ ኣለዎ/ዋ።

ዝተመዝገበ ነጥብታት:ቁመት:ክብደት:ከምኡውን ናይ ቀጻሊ ቆጸራታት:ኣብ መርበብ ኢንተርነት [www.sundhedstjenesten-egedal.dk](http://www.sundhedstjenesten-egedal.dk) ክትርእዩዎ ትኽእሉ

ብናትኩም ኔም-ኢዲ (Nem Id) ክእቶ ይካኣል እዩ፣




## ኣገልግሎት ኣላይ ጥዕና ፡ ናይ መርበብ ኢንተርነት/ገጽ

ኩሉ እቲ ብኣላይ ጥዕና:ድህሪ ምብጻሕ ሲድራቤት:እተጻሕፈን ካልእ ጽቡቕን ኣገዳሲ መራኸቢ ኣድራሻታትን ኣብ መርበብ ኢንተርነት ናይ ገዛና ገጽ [www.sundhedstjenesten-egedal.dk](http://www.sundhedstjenesten-egedal.dk) ክርከብ ይካኣል።

ከምእውን ካልኦት ኣገደስቲ መራኸቢ ኣድራሻታት ሓበሬታ ክርከብ

ያካኣል። ካልእ ናይ ኩሎም ኣለይቲ ጥዕና መራኸቢ ሓበሬታ ዝገልጽ

ሰሌዳ ክርከብ ይካኣል።



## ክፉት ዕድል ኣብ ክፉት ገዛ

ምምሕዳር ኣገልግሎት ምእላይ ጥዕና:ኣብ ከክልተ ሰሙን ኣብ ሽዱሽተ ዝተፈላለዩ ቦታታት ናይዚ ምምሕዳር ክፉት ገዛ ዝብል መደብ ከፊቱ ኣሎ፣

ኣብዚ ምስ ካልኦት ሐደስቲ ወለዲ ምርኻብን ምምያጥን ፣ ንዘሎ ዘሻቅል

ሐሳባትን ነጥቢ ወይ ሕቶታት፡ ምስ ኣላይ ጥዕና ምምያጥ ዕድል ኣሎ።

ኣገዳስቲ ንጥዕና ዝምልከቱ ትምህርታዊ ሓዘል መደባት ትምህርቲ ክህልውስለ ዝኽእሉ ኣበይን መዓስን ኣብ መርበብ ኢንተርነት ክረኤ ይካል።

ክትምዝገቡ እንተደኣ ደሊኹምነ ዚ “ኣገልግሎት ኣላይ ጥዕና ናይ

መርበብ ኢንተርነት” ዝብል ኣርእስቲ ኣብዚ ጽሑፍ ተኸቲልኩም -

ብቀጥታ ንዝግበር ለውጥታት ሓበሬታን መደባትን ዝገልጽ መልእኽቲ

ይመጻኩም።




## ርክብ ፡ እኩባት ሐራሳት ኣደታት

በዓል ሞያ ጥዕና ፡ እኩባት ሓራሳት ኣደዴታት ናይ ዕድመመደብ ኣብ

ክፉት ገዛ ንቀዳማይ ርክባት የዳልው/የዳሉ። ኣብ ቀጻሊ፡ ሓራሳት ኣደታት

ናይ ዝስዕብ ርክብ መደብ ወይ ቆጸራ ብምግባር ይራኸባ።